# 1ይ ኣርእስቲ ስብከት

# ረሲኣንን ተግባራቶምን

ዑቕበ ዘመደ
9ይ ጉባኤ ኦርቶዶክስ ተዋህዶ ቤ.ክ ኤርትራ
ኣትላንታ ጆርጅያ
ሓምለ 2, 2007 ዓ.ም

# መሪሕ ጥቕሲ

"ንሱ ንጽድቕኻ ከም ብርሃን፡
ንፍርድኻውን ከም ቀትሪ
ኼውጽኦ እዩ። ንእግዚኣብሔር
ሃዲእካ ተጸበዮ…በቲ ሕሱም ሃቐና
ዝፍጽም ሰብ ኣይትኾሪ። **እኩያት**
ኪጸንቱ እዮም፡ **ንእግዚኣብሔር
ዝጽበይዎ** ግና ንምድሪ ኪወርስዋ
እዮም።" (መዝ.37.6-8)።

# ኣርእስትታት ሰብከት

1. ረሲኣንን ተግባራቶምን (መዝ. 37)
2. ናይ መወዳእታ ዕጫ እኩያት ሰባት (መዝ. 37)
3. ፈተና ክርስትያን (1 ጴጥ 4፡12-19)
4. ኣብ ግዜ ፈተና ብኸመይ ኪንመላለስን ከነገልግልን ይግባእ? (መዝ 37)
5. ድሕሪ ፈተና ዝርከብ ዓወት (መዝ 37)
6. መጠቓለሊ ናይ መልእኽትታት

# ረሲኣን መን እዮም ?

# ረሲኣን መን እዮም ?

ኣብ ዓለም ብእኩይ ተግባራቶም ዝፍለጡ ብዙሓት እዮም።

ኩልና ኣበሳን ሓጢኣትን እኳ እንተለና ረሲዓን ግና ብባህርዮምን ብግብሮምን ዓመጽን ቅትለትን ዝፍጽሙ እዮም። እቲ ዝፍጽምዎ ዓመጽ ይፈላለ እምበር:መወዳእታኦም ግና ጥፍኣት እዩ። ረሲኣን ብዙሓት ቅዱሳኑን ዘጽነቱ: ኣንጻር እግዚኣብሄርን ዕዮኡን ዝተንስኡ እዮም።

# ረሲኣን መን እዮም ?

1. “መፍረስቲ ሕጊ” (2ይ ተሰሎ 2.8)
2. “ብዓመጻ ባህ ዝብሎም ሰባት” እዮም (2ይ ተሰሎ 2.11)።
3. “ንሓቂ ዘይኣምኑ” (2ይ ተሰሎ 2.12)።
4. ናይ ቁጥዓን ጸርፊን ዝድርኽ መንፈስ ዘለዎም እዮም (ራእይ 16.8-11፣21:መዝ.37.12)።

# ረሲኣን መን እዮም ?

5. ሓረድትን ጨቆንቲ ድኻን:-

“ረሲኣንሲ ንጥቑዕን ድኻን ኬውድቕዎ፣ ነቶም ብቕኑዕ መገዲ ዝኸዱ ኸኣ ኪሓርድዎም ሰይፎም መሰቱ: ቀስቶምውን ገተሩ” (መዝ.37.14)።

6. ስራሕ ሽፋቱ የዘውትሩ:-

“ረሲእ ይልቃሕ ኣይመልስንውን” (መዝ.37.21)

# ረሲኣን መን እዮም ?

7. ቀተልቲ:

“ረሲእ ንጻድቕ ይጸናተዎ፣ ኪቐትሎውን ይደሊ” (መዝ.37.32)።

8. ግቡዛት:

ውሽጦም ሕማቕ ነገራት ዝመልኡ ዝተሰለመ መቓብር እዮም (ማቴ 23. 27-28)።

# ረሲኣን መን እዮም ?

•“ዓመጽትን እኩያትን” ሰባት:-
“ብዝተረፈስ፣ ኣቱም ኣሕዋትና፣ እምነት ናይ ኩሉ ሰብ ኣይኮነትን እሞ፣ እቲ ቓል እግዚኣብሄር ከምቲ ኣባኻትኩም ዝኾነ ዘሎ ምእንቲ ኺጐይን ኪኽብርንሲ፣ ካብቶም ዓመጽትን እኩያትን ክንድሕን ጸልዩልና” 2ይ ተሰሎ 3.1-2። (ዘፍ 6:5-13; 2ይ ተሰሎ 3.1-2; መዝ. 37 2; 8)

- ተሰሎንቄ ዋና ከተማ ማሰዶንያ ሓንቲ ካብ ክፍለ ሃገራት ንጉስ ሮማ ዝነበረት እያ።



# ረሲኣን መን እዮም ?

ሃዋርያ ጳውሎስ ነዚ መልእኽቲ እዚ ክጽሕፍ ከሎ፣ ከተማ ተሰሎንቄ ብገበርቲ እከይን ዓመጽትን መሊኣ ነይራ። ብሰንኪ እዚ ድማ እቶም ኣመንቲ እግዚኣብሄር ብብዙሕ መከራ ይሓልፉ ስለዝነበሩ፣ ኣብ ከባቢ 51 ነዚ መልእክቲ እዚ ጽሒፍሎም።

# ረሲኣን መን እዮም ?

- እቶም ዓመጽትን እኩያትን የሸግርዎም እኳ እንተነበሩ፣ ኣብ እምነቶም ደው ክብሉ፣ ኪኖው ፈተና ክጥምቱ፣ ነቲ ፈተና ምስ ሰገርካ ዝርከብ ዓስቢ-ዓወት ሽለል ከይብልዎን ይምዕዱም።
- 2ይ መልእክቲ ጳውሎስ፣ ኣብ 3 ዓበይቲ ነገራት ዘድሃበ እዩ፣

2ይ ተሰሎ ምዕራፍ 1፣

1. ብዛዕባ ምጽኣታዊ ፍርዲ ይምህር (2ይ ተሰሎ 1.5-10)

# ረሲኣን መን እዮም ?

## ምዕራፍ 2፣

1. ብዛዕባ መፍረስቲ-ሕግን ብዓመጸ ባህ ዝብሎምን መወዳእትኦም ድማ ዘለኣለማዊ ሓዊ ምዃኑ (2ይ ተሰሎ 2.8-12)ይገልጽ
2. ብዛዕባ እቶም ንድሕነት ዝተሓርዩ ኣመንትን መወዳእትኦም ድማ ዘለኣለማዊ ድሕነት ምዃኑ ይምህር (2ይ ተሰሎ 2.13-17)

# ረሲኣን መን እዮም ?

## ምዕራፍ 3፣

1. ስለ'ቶም ሃዋርያትን ስለ ወንጌል እግዚኣብሄርን ክጽልዩ የማዕቁቦም (2ይ ተሰሎ 3.1-5)
2. ጽዒሮምን ሰሪሖምን ክነብሩ የተባብዖም (2ይ ተሰሎ 3.11-12) ።

# Life Application

- እዚ መልእኽቲ'ዚ፣ መዓስን ንመንን ተጻሒፉ?
- ካብዚ ንሕና እንታይ ንመሃር?
- ኣብ ዘመንና ነዚ ዝመስል ኣብነት ኣሎዶ?

# ተግባራት ረሲኣን

# ተግባራት ረሲኣን

## መለለዪ ባህርያት ረሲኣን

- እቲ ኣብ ዓይኒ ሰብ ዓቢይን ክቡርን ዝመስል ኣብ ዓይኒ ኣምላኽ ግና ፉንፉን እዩ። ምኽንያቱ ንርእሶም ኣብ ቅድሚ ሰባት ብደጋዊ ነገር ጻድቕ እኳ እንተ'ምሰልዋ ኣምላኽ ግና ንልቦምን ስርሖምን ስለዝፈልጦም ይፍንፍኖም (ኤር 17: 9-10: ማቴ 23. 27-28)።

# ተግባራት ረሲኣን

## መለለዪ ባህርያት ረሲኣን

- መጀመርታ ጥበብ ፍርሃት እግዚኣብሄር ምህላው እዩ (መዝ 111፣10፣ ምሳሌ 1.7)።
- ንእግዚኣብሄር ምፍራህ ማለት ንኸፍኣት ምጽላእ (ካብ ዓመጽን ክፉእ ተግባራትን ምርሓቕ) ማለት እዩ (ሉቃ 23.40; ሮሜ 11.20;1 ጴጥ 1.17; 1 ጴጥ 2.17

# ተግባራት ረሲኣን

## መለለዪ ባህርያት ረሲኣን

1. ንእግዚኣብሄር ዘይፈርህ ሰብ ክፉእ እምበር ሰናይ ኪገብር ኣይኮነሉን እዩ (ሉቃ 18.2)።
2. "ንዅሉ ሰብ ኣኽብሩ፣ሕውነት ኣፍቅሩ፣ንኣምላኽ ፍርህዎ: ንንጉስ ድማ ኣኽብርዎ" (1 ጴጥ 2.17)።
3. ዓመጽትን ገበርቲ ክፉእን ግና ፍርሃት እግዚኣብሄር የብሎምን (ሉቃ 18.2)።

# ተግባራት ረሲኣን

## መለለዪ ባህርያት ረሲኣን

- ግብሮም ግብሪ እከይ እዩ። ኣብ ኣእዳዎም ድማ ግብሪ ዓመጻ ኣሎ። ኣእጋሮም ናብ ዓመጻ ይጎዩ፣ ንጹህ ደም ንምፍሳስ ይቕልጥፉ፣ ሓሳቦም ሓሳብ እከይ እዩ፣ ጥፍኣትን ምዕናውን ኣብ መገድታቶም ኣሎ። ንመገዲ ሰላም ኣይፈልጥዋን፣ ኣብ ኣኻይድኦም ቅንዕና የልቦን... እቲ ብእኡ ዝኸይድ ዘበለ ንሰላም ከቶ ኣይፈልጣን (ኢሳ 58.6-8)

# ተግባራት ረሲኣን

## መለለዪ ባህርያት ረሲኣን

1. ኣየ ትእዛዛተይ እንተትሰምዕሲ ሰላምካ ከም ወሓዚ፣ ጽድቅኻውን ከም ማዕበል ባሕሪ ምኾነ ነይሩ። ንረሲኣንሲ ሰላም የብሎምን ይብል እግዚኣብሄር (ኢሳ 48.18;21)
2. እቶም ረሲኣንሲ ሰላም የብሎምን ይብል ኣምላኸይ (ኢሳ 57፣21)
3. 3

# መደምደምታ

# መደምደምታ

- ሎሚ ከባቢና እንተረኣና እዛ ዓለም ብገበርቲ እከይን ረሲኣንን ዝተመልአት ኮይና ንረኽባ። ረሲኣን ኩሉ ድሌታቶም ተማሊኡሎም፣ ሰሲኖም፣ ሃብቲሞም" ድላዮም ገይሮም ዝሓድሩ ኮይኑ ይስምዓካ። ከም ውጽኢቱ ድማ፣ ንሳቶም ኩሉ ሰሊጥዎም ንሕና ግና ኣብ ሽግር እንነበር ከምዘለና ገይርና እንሓስበሉ እዋን ኣሎ።

# መደምደምታ

- ኩነታት ጽንክር ኣብ ዝብለሉ ግዜ፣ ካብ መገድና ወጺና ብመገዲ ረሲኣን ክንመላለስ እንፍተነሉ እዋን ኣሎ።
- እንታይ ገደሰኒ እየ ስለ ጽድቅን ሓቕን ደው ዝበልኩ?
- እንታይ ገደሰኒ እየ ኣብ ቅድሚ ረሲኣን ሓቂ ዝተዛረብኩ?
- እንታይ ገደሰኒ እየ ... እናበልና ምስ ህይወትና እናሻዕ እንከራኸር ብዙሓት ኢና።

# መደምደምታ

- ቃል እግዚኣብሄር ግና ካብ ረሲኣንን ግብሪ ረሲኣን ክንርሕቕን ክንሃድምን ይምዕደና።
- ረሲእ መዓልቱ ሓጺር ምዃኑ ይነግረና፣ ብእምነት ክንጥምት ኣብ እንጅምረሉ እዋን ድማ ነቲ በራሲ ረሲእ ፣ ክንቀንኣሉ ዘይኮነስ ክንሓዝነሉን ክንጽልየሉን ከምዝግባእ ይምህረና።

# መደምደምታ

- ናይ እምነት ናብራ ክንነብር፣ ፍቓድ ኣምላኽ እናገበርና፣ ብተስፋ ክንመላለስ እግዚኣብሄር ይጽውዓና ኣሎ፣
- ፍርዲ እግዚኣብሄር ክሳብ እንረክብ ድማ ብገበርቲ እከይ ከይኰረና፣ ብገበርቲ ዓመጻውን ከይቀናእና፣ ከም ቃሉ ኣብ እግዚኣብሄር ንማዕቈብ።
- ሰናይ እናገበርና ኣብ እግዚኣብሄር ክንውከል

# መደምደምታ

- ከይሰልከና ብእምነትን ቅድስናን ክንመላለስ እግዚኣብሄር ይደግፈና።

  ኣሜን።